# ድሙቕ ኣኼባ ሳን ሆዘ ድሕሪ ሰሚናር ኒው ዮርክ ምስ ፕ/ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ
# Successful  Post New York-seminar meeting in San Jose, CA




ህዝቢ ሳን ሆዘ፣ ካሊፎርንያ፣ በቶም ገያሾ ኒው ዮርክ ዝተማእከለ፣ ድሕሪ ነዊሕ ናይቲ ተመክሮ ምልውዋጥ ተሳተፍቲ ሰሚናር ዳግም ዝዓገቡሉ፣ እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክኸዱ ዘይከኣሉ ከኣ ሙሉእ ድጋፎም ዘርኣዩሉ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ማሕበረ ኮምና ኣካይዱ።

እቲ  መደብ ቅድም ብናይ ተመክሮ ገያሾ፣ መብዛሕቶም ኣብ ኒው ዮርክ ውዕሎ ዝተሳተፉ ዜጋታት በብሓደ ተመክሮኦምን ኣድናቆቶምን ብምግላጽ ተጀሚሩ። እቶም ኣብቲ ታሪኻዊ ናይ ኒው ዮርክ ውዕሎ ብኣካል ክሳተፉ ዘይከኣሉ ዜጋታት ሓሳቦም ከምዝገለጽዎ፣ ምንም እኳ ንሕና ብስራሕን ናይ ስድራ ጸገማትን ብኣካል ኣብቲ ውዕሎ እንተዘይተሳተፍና ብመንፈስን ሞራልን ካባኹም ኣይተፈለናን፣ ዓወትኩም ናይ ኩልና ዓወት'ዩ ነይሩ ብምባል ድጋፎምን ሃገራዊ ስምዒቶምን ብሙሉእ ልቢ ገሊጾም። ኣብ መወዳእታ፣ ከምዚ ዓይነት እዋኑ ዝጠልቦ ኣኼባ መደልደሊ መኸተና ስለዝኾነ ብቀጻሊ ክካየድ ከምዘለዎ ለበወታት ቀሪቡ።

ምስኡ ዝተተሓሓዘ፣ ንውሕ ዝበለ ምምይያጥ ዝተገብረሉ፣ ብዛዕባ ማሕበረ ኮምናን ምዕባሌታቱን ከምኡውን ህልው ኩነታት ዘለናዮ ከተማ ኮነ ከባቢናውን ብሰፊሑ ተዘሪቡሉ። እቲ ተላዒሉ ዝነበረ ኣርእስቲ ንመጻኢ ብቀጻሊ ክዝረበሉን ክግምገምውን ከምዝግብኦውን ኩሉ ኣኼበኛ ተሰማሚኡሉ።

ኣኼባና ብሃገራዊ ውዕውዕ መንፈስ ድሕሪ ምዝዛምና ወኒና ብዘሕድስ መንፈስ: ጽምብላሊዕ፣ ገዛና፣ ከምኡውን ካልኦት ወድዓዊ ትርጉማት ዝነበሮም ደርፍታት ክንዘናጋዕ ኣምሲና።

ከምዝዝከር፣ እዚ ሃገራዊ ዓወታት ዘንጸባረቐ መደብ ክግበር ብገያሾ ኒው ዮርክ ዝተሓሰበሉ እዋን ድሕሪ ምምላስ ወፍሪ እኳ እንተነበረ፣ እቲ መደብ ድንገት ብዘጋጠመ ናይ ሓዘን ከምኡውን ብዝነበረ ጉዳይ መርዓታት ንክልተ ሰሙናት ተመሓላሊፉ።

ኣብ ዝመጽእ ቀጻሊ ናይ መኸተ መደብና፣ ምስ ሓው ኢሳያስ ተስፉማርያም፣ ቀዳም 29 ጥቅምቲ 2011 ብሰላም የረኽበና።

ዕውታት ገያሾ ሳን ሆዘን ከባቢኣን ምስ ኩሎም ደገፍቲ መደብ



After the all out and successful seminar of New York, Eritreans of San Jose and environs, CA, held another successful meeting in evaluating and sharing the experience with our dearest leader, President Isaias Afwerki and other members of the GOE, last Saturday, October 15, 2011.

The meeting started in sharing the first hand experience by the majority of the participants of the NY defiance Mekete that brought Eriteans in the World, particularly North American Eritreans together in defending Eritrea and its people, more than anything else. Members of the San Jose area Community appreciated the Seminar participants by stating that they were together spiritually, morally and emotionally, although some of them could not participate for different personal and family reasons.

The meeting included Community and other issues in Bay area to which they were suggested scrutiny in the future.

Although the meeting was initiated by participants of the New York Seminar, it was delayed for about two weeks, due to the recent death in San Jose area and also couple of weddings.

Participants enjoyed the rest of the evening by listening and dancing to the tunes of TsimbilalE, Gezana, and other patriotic songs that gave meanings.

We will see you in our next meeting of Hzbawi Mekete, with Issayas Tesfamariam, to be held on Saturday, October 29, 2011, in our Community Center.

Eternal Glory to our Martyrs !
Wetru Awet n'Hafash !

Participants of New York Seminar and supporters